ብምኽንያት መዓልቲ ኣዴታት

# መን'ዩ ስማ?

ብተኽለኣብ ይስሃቅ

ደርሆ ነቆ፡ ጸጥ ኢሉ ኩሉ ደቂሱ ኸሎ፡ ገና ድቃስ ከይጸገበት ዓንደልደል እናበለት ትትንስእ። ብናታ ኣይትሓስብን።

ስድራኣ ብዘይ እዋኑ ከይበራበሩ ቀስ ኢላ መግቢ ተዳሉ፡ ክዳውንቲ ትሓጽብ ትዓጽፍ፡ ንኹሉ ነገር ባዕላ ትገብሮ፡ ሓገዝ'ውን ኣይትጽበን። ንስድራኣ ዘድሊ ኹሉ ምስ ቀረበት፡ ቀስ ኢላ ብበዓል ቤታ ጀሚራ ቀስቂሳ ተተንስኦም። ባዕጊኅም ምትንሳእ እንተ ኣበዩ ብትዕግስቲ እናተመላለሰት፡ በቲ ፍቕሪ ዝመልኦ ፍሽኽታኣ ትንቕንቖም። ዝፈትዋ በዓል-ቤታ ነቲ ዘይጽምሉ ብሩህ ገጻ እናረኣየ ባህ ኢሉዎ ይትንስእ። ደቃ'ውን ብድድ ኪብሉ መጀመርታ ዚርእዩ ፍሽኽታ ኣዲኦም ስለ ዝኾነ ሕጉሳት እዮም። ብርሃን ስድራኣ እያ።

ትፈትዎም ስድራኣ ኹሎም ብሓደ ነቲ ዘዳለወትሎም ፉሕፉሕ ዝብል ውዑይ ቁርስን ሻህን ኺምገቡ ኣብ መኣዲ ይቐርቡ። ንሳ ግና ኻብ ኺትበልዕ ንሳቶም ኺምገቡ ዝያዳ ስለ ዘሐጕሳ፡ ገና ዚጐደለ ኺትምልእ ኮፍ'ውን ኣይትብልን። ንሳቶም ከይጸገቡ ዕረፍቲ ኣይረኣያን። ምቾት ናታቶም ከም ናታ እያ እትቖጽሮ።

ነፍሲ ወከፎም ዘዳለወትሎም ክዳውንቲ ተኸዲኖም ናውቶም የልዕሉ። ከብዶም ጥዑም መግቢ መሊኡ ነናብ ስርሖም ኺብገሱ ኸለዉ፡ ንኹሎም በብሓደ ብፍሽኽታ ስዒማ "ብደሓን ተመለሱ፡" እናበለት ተፋንዎም። ክሳዕ ኣርሒቖም ዝዕዘሩ ኣብ ኣፍ ደገ ኰይና ተማዕድዎም። ኣይተረድኣን እምበር ንሳቶምሲ በቲ ናታ ፍቕርን ሞራልን ዝኣክል ዝኾነ ግድል ንኺቃለስዎ ኣዕጢቓቶም እያ። ድምብርጽ ኸይበሎም ነቲ ዝተዋህቦም ግድላት ይዕወቱሉ። ኣብ ቤት ድኣ ትሃሉ እምበር ውኖኣ ምሉእ መዓልቲ ምስኣቶም እዩ።

ቁሩብ ኸየዕረፈት ቀልጢፋ ናብ ስርሓ ሰተፍተፍ ትብል። ሕጂ'ውን ዚረኣያ ዘሎ ንስድራኣ ዘድሊ ምቅርራብ እዩ። ቁሩብ ኼዕ ርፍ ከይበለት ዝረስሐ ኩሉ ተጽሪ። ዝጐደለ ምእንቲ ኺትምልእ ተቐላጢፋ ንዕዳጋ ትወርድ እሞ፡ ተመሊሳ ኸኣ ኣብ ቤታ ሸበድበድ ትብል። ፍቕራ ቐጻሊ፡ ዘይጽንቀቕ ፈልፋሊ ዔላ እዩ።

መሬት ወልዊሉ (ኣጋ ምሸት፡ ጸሓይ ኣብ ምዕራባ) እቶ-እቶ ኸይኮነ፡ ድሮ መግቢ ስድራኣ ኣዳልያ ናብ ዚመጹሉ ኣቢላ ተማዕ ዱ። ኺሳዕ ዚኣትዉ ኣዝያ ትህወኽ። ኣይተረድኣን ደኣ'ምበር ንሳቶም'ውን ነቲ ኻብ ጥዑም መግቢ ዚምረጽ ዝተቓመመ ቃናኣን ብርሃን ገጻን ናፊቖም ውዒሎም ኣሎዉ። ፍቕራ ኸም ማይ እዩ ዚጽማእ።

ኣማዕድያ ኺመጹ ርእያቶም እናጐየየት ኣብ ኣፍ ደገ ብኽሳዶም ሓሓቚፋ እናሰዓመት ተእትዎም። መጀመርታ ማይ ጽምኦም ተርዊ። መንግስተ-ሰማይ ዚኣተዉ ኺመስሉ፡ ድኻሞም ኹሉ ይርስዕዎ። ደጊም ቤቶም ብመብራህታ ስለ ዝተኾልዐ፡ ከርሶም ብምቁር መግባ፡ ልቦም ብምዉቕ ፍቕራ መሊኡ እዩ'ሞ ደቃን በዓል ቤታን ኺምርቑዋ ይነብሩ። ተምሳል መንግስተ ሰማያት እያ።

እምበኣርከ እዛ ኸምዚ ዝኣመሰለ ፍቕሪ ዘለዋ መን ትበሃል?
ስማ "ኣደ" ይበሃል።
ህያብ ኣደ ህያብ እቲ ልዑል ኣምላኽ እዩ።



ብሩኽ በዓል ኣዴታት